  

## ሓጺር ዝኽሪ ንሓርበኛ ኣደ ወ/ሮ ሳራ ዑቕበ

ኣዴና ሳራ ዑቕበ ከም መብዝሓትና ኤርትራውያን ኣብ እዋን መግዛእቲ እያ ናብ ሰደት ኣምሪሓ። ካብ 1974 ኣብ ናይ ህዝባዊ ግንባር ሓፋሽ ዉድባት ኤርትራውያን ንናጻነት ኣብ ኤውሮጳ (ኤናኤ) ቀጺላ ኣብ መሳርሕ ሃ.ማ.ሰ.ኤን ሃ.ማ.ደ.ኤን ማሕበር ኮምን ተወዲባ ኣብ ኩሉ መዳያት ሓንቲ ካብተን ብኣብነትን ተወፋይነትን ዝግለጻ ህርኩታት ተቓለስቲ ኣዴታት እያ ኔራ።

ብጸይቲ ሳራ ብዕድመ ኣብ ክሊ ሰማያታት እትርከብ ኣደ እያ፡ ይኹን እምበር ኣብ ኩሉ ጉዳያት ሃገራ ሓንቲ መዓልቲ ክዕርፍየ ከይበለት ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ከይቦኾረት፡ ትማሊ ንናጽነት ሎሚ ንህንጸትን ንልምዓትን ህገራ ተቓሊሳ ዘቓለሰት ሓርበኛ ኣደ እያ ኣብዘን ዝሓለፋ 3 ናይ መወዳእታ ዓመታት ጥዕናኣ እናተሰናኸለ ስለ ዝመጸ ኣብ ገዝኣን ሕክምናን እናተመላለሰት የሕሊፋቶ፡ ምምሕያሽ ምስ ኣርእየት ከኣ ንዓዲ ኣትያ ብዙሕ ኣዋርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ካልእ ሓድሽ ሕማም ስለ ዘማዕበለት፡ ንሕክምና ኣብ ሚላኖ ተመሊሳ ኣብ ሆስፒታል ተዓቚባ ዘድሊ ሕክምና ተጌሩላ፡ ብወገን ሓካይም ግን ብዉሽጢ ኣጸቢቓ ተጎዲኣ ስለ ዘላ፡ ብህይወታ ምጽናሕ ዘሎዋ ዕድል ሓጺር እዩ ዝብል መደምደምታ፡ንስድራቤታን ነተን ዝከታተልኣ ዝነበራ ብጾታን ስለ ዝተነግረ፡ ብዝሓጸረ ኣዋን ንዓዳ ክትከይድ ተመኺራ ንሳ እዉን ስለ ዝተቐበለቶ፡ ቅድሊ ሓደ ወርሒ ናብታ እተፍቅራ ሃገራን ስድራቤታን ተመሊሳ ብዕለት 08/06/2011 ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልያ ሓቡስ 09/06/2011 ኣብ ክቡር መሬት ዓዳ ሓመድ ለቢሳ፡ ስድራ ቤታን ኣብኡ ብጾታን ኣፋንዮማ።

መበል 20 ዓመት ጽንብል ናጽነት ከብዕሉ ካብ ሚላኖ ናብ ኤርትራ ዝኸዱ ብጾትና ድማ ኣብ ስነስርዓት ቀብራ ተረኺቦም፡ ብስም ማሕበር ኮም ሚላኖን ብስም ኩሎም ኤርትራውያን ተቐማጦ ሚላኖን 2 ዓበይቲ ዕንባባታት ኣብ መቓብራ ኣንቢሮም። በዚ ኣጋጣሚ ድማ ምስጋና ይግብኦም።

ሰንበት ዕለት 12/06/2011 ኤርትራዊ ኣብ ሚላኖ ብብዝሒ ተኣኪቡ እቲ ቅኑዕ ኣብነታን ታሪኻን ፍቕሪ ህዝባን ብምዝካር ብዓቢ ክብርን ሓበንን ተፋኒዋ።

ኩላትና ኤርትራውያን ተቐማጦ ከም እንፈልጦ፡ ክብርቲ ኣዴና ሳራ ዑቕበ ሃገራዊት ጽንዕቲ ሓርበኛ ተቓላሲት ጥራይ ዘይኮነት፡ ብባህሪኣ ምስ ኩሉ ሕዉስቲ፡ ለዋህ ፈቃር ኣደ ኹሉ ኤርትራዊ እያ ኔራ፡ ስለ ጽቡቕ ታሪኻን ተግባራን ከኣ ንዘልኣለም ብሓበንን ኩርዓትን ክንዝክራ ኢና።

ነፍሳ ይምሓር፡ መንግስተ ሰምይ የዋርሳ
ንስድራ ቤታን፡ ንኹሎም ፈተውታን ብጾታን ከኣ ጽንዓት ይሃብኩም።

ዓወት ንሓፋሽ
ማሕበረኮም ሚላኖ